## መሰረታዊ መቐሚታት
## ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)
## 23.03.2007

ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነቶም ንብዙሕ ዓመታት ንውድባት ኪዳንን ስዓብቱን ከስሓሕቡ ዝጸንሑ ንጉዳይ ሽሪዓን ብሄራትን ዝምልከቱ ዓንቀጻት፡ ናይ እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ልምዓትን ተዓቅቦ ገዲፍካ፡ ብምሉእ ስምምዕን ምርድዳእን ኣመሓይሽዎ። እዚ ተመሓይሹ ቀሪቡ ዘሎ ቻርተር'ዚ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝጻረሩ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ሲቪላዊ ማሕበራትን፡ ኮታ መላእ ህዝብና ኣብ ትሕቲኡ ከጽልልን ክዓስልን ዝዕድም ምዕቡል ቻርተር ስለዝኾነ፣ ዓብዪን ታሪኻውን ዓወት'ዩ ዝቖጸር። ኣብ መጻኢ ውን፡ ብዝያዳ እናማዕበለን እናዓመቐን ክኸይድ ትጽቢት ናይ ኩሉ ኣብ ዲሞክራስን ሰላምን ብልጽግናን ረብሓ ዘለዎም ፖለቲካዊ ሓይልታትን ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

እቲ ኣብ ምቛም መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘጋጠመ ፍሽለት፡ ነቲ ቻርተር ኣብ ምምሕያሽ ዝተመዝገበ ዓወት ብመጠኑ'ኳ ከደብዝዞ እንተኸኣለ፣ ጠሪሱ ክዓጽፎን ንድሕሪት ክመልሶን ከምዘይክእል ግን ርዱእ ክኸውን ይግባእ። ምኽንያቱ ድማ፡ ሓንትስ እንቋዕ ደኣ ህዝቢ ዝዓስለሉ ቻርተር ጸደቐ እምበር፡ ህዝብና መራሕቲ ከምዘይስእንን፣ ውዒሎም ሓዲሮም ናይ ለውጢ ሓይልታት ክዕወቱ ታሪኻዊ ግድነት ምዃኑ ብርግጽ ስለ እንፈልጥን ኢዩ።

እቲ ሕጂ ካብ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝጥለብ እምበኣር፡ ነዚ ዝኸተምሉ መቐሚታትን መበገሲታትን ቃል ብቓሉ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ካብኦም ትጽቢት ዝግበረሉ ቃልስታት ከካይዱ፣ ህዝቢ ድማ፡ መን ንቻርተራቱን ቅዋማቱን እሙን ኰይኑ ንምዕዋቱ ይቃለስ ኣሎ? መን'ከ ኣንጻሩ ይሰርሕ ኣሎ? ክከታተልን ክቀጻጸርን ከለልን ሓላፍነቱ ምዃኑ ክግንዘብ ኢዩ። ኣቲናዮ ዘሎና ናይ ዲሞክራሲ መድረኽ፡ ኩሉኹም ደቅና፡ ኩሉኽም ጽቡቕ ወይ ኩሉኹም ሕማቕ ኣለኹም ዝብሃለሉ መድረኽ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ነቲ ቅኑዕን ሓቀኛን ኣለሊኻ ምድጋፉን ምሕያሉን፣ ነቲ ግጉይ ድማ፡ ምእራሙን ምግሳጹን'ዩ ዝድለ። እዚ ምስ ዝግበር እዚ ቅዱስ ዕላማታት'ዚ ኣብ ወረቐት ጥራሕ ሰፊሩ ክተርፍ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ኣእሙሮ ናይ ህዝብን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ሰሪጹ፣ ክዕገት ናብ ዘይኽእል ነገራዊ ናይ ለውጢ ሓይሊ ክቕየር ምዃኑ ርዱእ ክኸውን ይግባእ።

ካብ 15-20 ለካቲት 2007 ኣብ እተኻየደ ካልኣይ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ'ዞም ዝስዕቡ እምነ-መሰረት ወይ ዓንደ-ማእከላት ዝተሰረተ ቻርተር ኢዩ ኣጽዲቑ።

ቀዳማይ፡- ኣብ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራን ሉዓላዊነት ናይ'ቲ ብኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ዝተኣመነሉ ዶባትን፣

ካልኣይ፡- ኣብ ዲሞክራስን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ግዝኣተ-ሕግን፣

ሳልሳይ፡- ኣብ ብዙሕነት ናይ ፖለቲካን ሃይማኖትን ብሄርን ቋንቋን ምእማንን፤ ነዚ ብዙሕነት'ዚ ምኽባርን፤ ከምኡ ውን፡ ትግርኛን ዓረብኛን ወግዓውያን ቋንቋታት ምኳኖም ምቕባልን፤

ራብዓይ፡- ኣብ ምክፍፋልን ናጽነትን ሓጋግን ፈጻምን ፈራድን ስልጣናትን ዝተመርኰሰ፡ ቅዋም ዘውሕሶ ዘይምእኩል ስርዓተ-ምምሕዳር ምህናጽን፤

ሓሙሻይ፡- ኣብ ሰላምን ምትሕግጋዝን ሓባራዊ ረብሓን ዝተሰረተ ዝምድናታት ምስ ጐረባብቲ ኣህዛብን ሃገራትን ምምስራትን፤ ኣህጕራዊ ውዕላትን ቻርተራትን ምኽባርን ዝብል ኢዩ።